ዋላኳ ተዘይ ዓገብና
ዮሃና ክንብል ከምህዝብና
ዮሃና ዮሃና ዮሃና ዮሃና:

.........................................

ዘየለ ናይ ብሓቂ ነጻነት
ንይምስል ኣለኹማለት

Tesfamariam Wel.
0slo 24/05/Norway

ምሕደራ ህግደፍ ዘይብሉ ጥዕና
ካብገዛ ወጢጡብግዲ በእዛና
ብዘይ እኽለ ማይ ጥራይ ከብድና
ሳዕስዑ ተቖጸዩ ኣጣቒዑ ይብለና
ከይፈተና ሆየ ክንብል ዊዒልና

ዘይፈልጥ ሓቂ ማስሎ ብድልየትና
ብሓይሊ ኢና ብቀበሌ ተገዲድና
ተዘይ ከድና ነታ ኩበን ከየሕዱጉና
ተደልዮምከኣ ወጢጦምና ብሸላና
ዘይንገር ሰላሕታ ኩናትዩ ገጢሞና
ከምዚ ምስ ኮነ ዩ ሃገርና ባዶ ኮይና

ኣጉባዝ ጠፊኦ ምተሪፎምሕጻናት
ሓንቲ ዘይፈልጡትርጉምናጽነት
ጉድዩ ቆልዑ ገፊፍካ ናብ ርግያታት
ሓንጎሎ ሓጺብካ ከጣቕዕ ንጥፍኣት

ክንዲ ቀለምተማሂሩ ኮቦሮ ጣቒዒት
ጉዳምዩ ዘሙ ተሓናጊርካ ሳዕሲዒት
ዕንውት እምባር ኣይረአናሉን ዓውት
ኮነ ተሓምባል ጻዊዒት ናይ ጥፍኣት
የሕዝን ነዚ ኣሚኡ ተሓዊሱ ዝጸውት
ነዚኸኣ ይበሃለለይ ዮሃና ዮሃና ናጽነት

ሃገር ባዶኾይና ጎበዝ ዘይትረአላ
እታዘላኸኣ ሚድያ ጩበል ማኪላ
ብጩክን በላዕ ሰብ ህግደፍ ተዳሂላ
ተወጢጣትኸይድ ከተዳምቕ ጓይላ

ብምፍርራሕ ቖበሌ ኩበን ከይጎድላ
ብጥሜያ ኣብጎደና ተጸጢሓ ውዒላ
ተማኢሳ ሜዐ ንገሊ እትበልዖ ዘይብላ

ኣኺሉዋዩ ምስሓ ድራራ ኮይኑ ጓይላ

እንተዘየለ ኲበን ብፍጹምኣ ይዋሃቦን
ብሸፋቱ ንቀበሌ ኣዋጅ ተዘርጊሒለን
ካብኮነ ዘሉኻ ግበር ተገዲደካ ኣሜን
ኣጆኻ ክወግሕዩ ሓዲኡሎሎምዘመን

ሃገር ሰብየ ብላን ኲሉ ዶብሰጊሩዩ
ጽምብል ኣሕሊፉዎ ሕጻናት ኣራርዩ
ንዓሙታ ካልኦት ዜጋታትዮምክካረዩ
ወይ ድማግፋ ሕጻናት ኣፍ ዘየጽረዩ
ከምዚ ተቐጺሉ ህግደፍ ተዘይተዓርዩ
ዋላ ሓደ ዝምላስ የለን ህ.ግ ከይጸጸዩ

ሃገር ኣጸልሚቶማዓዕንትና ንኽነ ቁር
ብርሃን ንበጻሕቲ ይዕድል ንከደናግር
ጩፍቂ ኢሳያስ ተሰቒላ ንምጭብርባር
ዘይተናሕሲ ስንኲላን እኳ ዘይትምሕር
ንጎዶሎኣካል ዘይትገድፍ ንዓይነ ስውር

ህግደፍ ዝሚጸ መንዲል ዘይንኣመና ላ
ኽጽንተና ብደምኣ ጠላቒዩ ባዕሉ ዝሰቐላ
ኣደታት ህግደፍ ተዓጢቓን ክስዕስዓላ
ሙቓብረን እናተኳዕተ ገና ኣለኹክብላ
ቆለኣን ከራግፋ ጓይላ ዓሚ ን ከጉርዓላ

ሰይጣን ዝሰረረን ኣሮጌ ደቂ ሕድርትና
ንምልክት ሓዘን ክንዲጸሊምዝኽደና
ኣብ ምእራገን ዝዓበዳ ጩቡናት የሕዝና
ህዝቢ ባሕሪ እናሰጠመኣዋርቕ ከሪኣና

ከምሒጉስቲ ጩፍቂ ህግደፍ ተጠንጢና
ጸጉሪ ተለቓቒሐን ድቃስ ሰላምከሊኣናና
ጉድረኺባ ኣስሜራ በዘን ጌና ዘይሰልጠና
ወርቂ ክዳን ዝቕይራ ንኽማስላ ኣስሜሪና

ስልጣኔ ብጩፍቀሚርቂ ኣይኮነን ብራኣዩና
ከምኡውን ዕንኪሊል እንተበልና ብሚኪና
ንዓያሹላዕሊ ሰሜይ ዝበጻሕና ይማስለና
ስደት ኮይኑ ንዐአን ገነት፣ ገሃነ እሳት ንዓና
ብዕብዳን ብሸብዳዕዳዕክን ዓለምኒ ዒቑና
ናይ ዘመና ነ ውራማት ኣደታትና ኣይትኾና

ኣብእርጋነን ክጽይቓነቲ ምዕሩግ ባህልና
ጽጉብ ዘሎ ዝማስለን ንዝተሸገረ ህዝብና
ኣብ መማዙን ዝቃናጅዋ ጌና ኣለና ዝብላና
ንሸግር ራህዋ ዝማስለን ንክትሪኣን ዘሕዝና

ማስክሪ ሰማይ ማስክሪ ሜሬት ኣብ ምድሪ
ኣእላፍ ሰባት ከምዝወሓጥኪ ታሓቂ ንገሪ
ኣብ ውቅያኖስ ዝሰጠሙዘ ይምሕር ባሕሪ
ንተካላት ንስድራ ቤቶምኣእቲኽሎምቁሪ
ተሕዝኑ ጽቡቕ ኣላ ትብሉ ሰብእከይግብሪ

ብሰሪ ዘይረብሓ ኣደታት ሃገር ትጸንት ኣላ
ናፈለጣሕሰምህዝቢ ከምጽቡቕ ዘዕልላ
ወልፈን ከርውያ ከይትተርፈን ኩዳ ጓይላ
ሬሳ ናተቐብረ ንቤተ ህግ.ዝኸዳ ክኮሓሓላ

ከይተፈለጠን ጥሒለን ኣብናይ ህግደፍ ዒላ
እዝግዮ ንበለለን መቓብረን ከይተኳዕተት ከላ
ብሂወትክን ከለኽን ሕተታ ንህዝቢ ይቕረ በላ
ሓዳግ.ዩ ህዝብና ተናስሓነተን ዎራዙት ምሳላ
ዝኽሪ ሰማእታትና ዘየኽብር
ኣብ ቅልውላውዩ ዝነብር
ኤረና ኩሑሎሎምቅነ ሓዲኡሎ